Landratsamt München

**ወረቐት ሓበሬታ ቫይረስ ኮሮና**
**ኣገደስቲ መተሓሳሰቢታት ንእትቐርብዎም ሰባት ናይ ደረጃ 2**

ዝተጻሕፈ፣ 11. መጋቢት 2020

**ንእትቐርብዎም ሰባት ና ደረጃ 2 (ትሑት ሓደጋ ምልካፍ) -ንኣብነት ዝጥቀሱ፣**

- ምሳኹም ኣብ ሓደ ክፍሊ ምስ ሓደ ዝተረጋገጸ ኮቪድ-19 ዘለዎ ሰብ ዝነብሩ፣ ንኣብነት ክፍልታት ቤት ትምህርቲ፣ ቦታ ስራሕ፣ እንተኾነ ግን ብድምር እንተወሓደ 15-ደቒቕ ናይ ገጽ ንገጽ ምቅርራብ ምስ እቲ ኮቪድ-19 ዝሓዞ ዘይነበሮም።
- ኣባላት ስድራ ቤት፣ ካብ 15-ደቕንላዕሊ ናይ ገጽ ንገጽ ምቅርራብ ዝነበሮም።

ኣብ ገዛ ናይ ምውሻብ ትእዛዝ **ኣይወሃብን**

**ሓፈሻዊ፣**

ጽቡቕ ጥንቃቐ ጽሬት ኢድ ከተዘውትሩ ንሓተኩም፣ እቲ ልሙድ ናይ ምስዓልን እንጥዕሸው ብማል ምጥንቃቕ ክትሕልዉ ናይ ማዕጾ መኽፈቲ (እንተደኣ ናይ ደዚንፈክሽን ኣልኮል ኣለኩም) ብቐጻሊ በዚ ከተጽርይዎ።
ብዝተኻእለ መጠን ምስ ካልኦት ሰባት ምቅራብ ኣውሕድዎ።

**ምልክታት ምስ እትርእዩ ክትገብርዎ ዘለኩም፣**

ናይቲ ሕማም ምልክታት ምስ እትርእዩ (ንኣብነት ቃንዛ ጎሮሮ፣ ምስዓል፣ ፈጥፈጥ ምባል፣ ድኻም ቃንዛ ኣካል፣ ረስኒ ወይ ቃንዛ ኣብ ምትንፋስ፣ ኣቐዲምኩም ብተለፎን ንናይ ገዛ ሓኪምኩም ሓብርዎን እቲ ዝተዓዘብኩምዎ ነገራት ሓብርዎን።

እቲ ሓኪም ገዛ ባዕሉ መርመራ ከካይድ ኢዩን ዘድሊ ናይ ሕክምና ስጉምትታት ክወስድን ኢዩ።እንተደኣ ኣድላዪ ኮይኑ፣ እቲ ሓኪም ገዛ ንቤት ጽሕፈት ጥዕና ከፍልጦም ኢዩ። እንተደኣ ሓኪም ገዛ ክርከብ ዘይተኻኢሉ፣ከበድቲ ምልክታት ምስ ዝህልውኹን ንናይ ሕክምናይ ናይ ኣመርጀንሲ ኣገልግሎት ብቑጽሪ **116 117** ወይ ከኣ ናይ **ህጹጽ ኩነታት ሓኪም ብቑጽሪ 112** ርኸብዎም።

**ህጻናት ዝምልከት:**

ኣንተደኣ (ንእሽቶ) ውላድኩም ሓደ ካብቶም ኣብ ደረጃ 1 ዘለዉ ዝቐረብኩሞም ሰባት ኮይኑ፣ ናብ ወሃብ ስራሕኩም ሓደ መረጋገጺ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ ክትገብርዎም ዘለኩምም ነገራት ኣብ www.landkreis-muenchen.de/coronavirus-betroffene ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ተወሰኽቲ ሓበሬታታት፣**

www.landkreis-muenchen.de/coronavirus

www.rki.de/SharedDocs/FAQ/NCOV2019/FAS Liste.html

www.rki.de/DE/Content/InfAZ/N/Neuartiges Coronavirus/ambulant.html

www.rki.de/DE/Content/InfAZ/N/Neuartiges Coronavirus/Empfohlene Schutz%C3%9Fnahmen.html

www.infektionsschutz.de/coronavirus-sars-cov-2.html